# ዝመኸኸ ወርቂ!!

ንቡር እዩ ሽምዓ ዘረውረው ነቢዓ
ብርሃን ክትልግስ መኺኻ ትፈስስ
ንህቢ ፍረ ንህቢ ዝተሃገረ ንህዝቢ፣
ፈተና ዝሰሓሎ ምሉእ ዝገበሮ፣
ኣይምሰልን ብሽምዓ በታ እትውዳእ በሪሃ፣
ኣልማዝ'ዩ ዑንቂ ኩሉ ግዜ ብርቂ
መስታ ኣይኮነን በርቂ ከም በረድ ሓቓቒ
ርትዒ'ዩ ሚዛን ሓቂ ዘይሃልኽ ስንቂ
ዝንተ ዓለም መብረኽረቒ
ተምሳሌት ንቕሓት መርኣያ ትግሃት
መምህር ብልሓት ሓደ ከም ብዙሓት
ዋሕስ ሚሊዮናት ዝርቋሕ ብብሊዮናት፣
ሕፍቲ ዘይርከቦ ጉርዲ ዘይለግቦ፣
ፀኒዑ ዘፅንዐ ሞጐቱ ዝረትዐ፣
ፅንዓት ወይዘራዝር ኮይኑ እናደመቐ
ኣብ መናእሰይ ሓዲሩ እናወረቐ
ኣብ ኩሎም ዕማማቱ ራእዩ ጎልቢቱ
ህያው እናኾነ እናሓደረ ብተግባር እንትስነ፣
ሓንጎል ክበልሕ ኣንቢሩ ክታሙ
ጥዕና ክሕሎ ኣሰሩ ሃቲሙ
ዓይኒ ዓራት ፅርግያ ኣንፂፉ
ኣብ ሕልናና እናተሰምዐ ገዚፉ
እሞ ዝእመን እመኑ፣
ወርቂ ይመክኽ እምበር ይሕምድ'ዶ ኮይኑ?
በርኪትና ተኪእናዮ ዝኣንፈቶ ዓቲርናዮ
ጉዩኡ እናመላእናዮ፣
ሕንፃፁ ኣስጢምና እንውንኖ
ሕልናና ንሞቱ ኸመይ ይኣምኖ?
ዘርዓያዕቆብ ብእምነቱ
ኣፈ-መዓር መዓዝ ሞይቱ? ህያው
ብመስመራቱ፣
ደረት ኣልቦ ትብዓቱ ፍልጠት መቐነቱ
ሽሻይ ኣንደበቱ ዓሪጉ'ምበር
ኣይበሃልን ሞይቱ፣
ለገሰ ንህዳሰ ዝተለገሰ ለጋስ
ዘይፅንቀቐ ህራይ ዳስ፣
መለስ መላሲ ሃለዋት ትእምርተ ፅንዓት፣
እፁብ ድንቂ ዝመኸኸ ወርቂ፣

ንዝኽሪ ቀዳማይ ዓመት መስዋእቲ ትእምርተ ፅንዓት መለስ ዜናዊ

ፀጋይ ሓድሽ

ካብ ኮሚሽን ስነ-ምግባርን ፀረ-ግዕዝይናን ክልል ትግራይ